# ናይ ግዜ ምሕደራ

## Time Management



ናይ ግዜ ምሕደራ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር ኢዩ። ኣብዚ ስዒቡ ዘሎ ድማ ንግዜኻ ምምሕዳርን ጽፉፍ ኮይንካ ምጽናሕን ዘድልዩ ኣገደስቲ ምኽርታት ኣሎዉ፡

- ኣብ ካናዳ ሰባት ኣብ ግዜኦም ብምርካቦም ይምክሑ። ንዝኾነ ዓይነት ቆጸራ ወይ ኣብ መደብ ዝወጸ ኣኼባ እንተወሓደ ካብ 5-10 ደቒቕ ቐልጢፍካ ከም ዘሎኻ ኣረጋግጽ።
- ቆጸራኻ ንምዝካር ካላንዳር ወይ ከኣ ናይ መዓልቲ መደብቲ መሳርያታት ተጠቐም። ነብስኻ ግን ካብ ዓቀን ንላዕሊ ስራሕ ከይትህባ ተጠንቐቕ።
- ዝርዝር ናይ ክትገብሮም ትደሊ ነገራት ኣዳሉ።
- ነቶም ቀዲሞም ክግበሩ ዘሎዎም ነገራት መታን ኣቀዲምካ ክትገብር፣ ናይ ነገራት ቀዳምነት ስራዕ።
- ናይ መዓልቲ መደብ ኣውጽእ፣ ንነፍሲወከፍ ስራሕ ድማ ናቱ ግዜ ፍለየሉ።
- ንዕረፍትን ምቑራጽን ዝኸውን ግዜ ፍለ።
- “ኣይፋሉን” ምባል ተመሃር። ካብ ክትገብሮ ትኽእል ንላዕሊ ምውሳድ ኣቋርጽ።
- ረብሻ ክትዓግት ፈትን።
- ናብ ትምህርቲ ብስሩዕ ኪድ፣ ንምጅማር ነፍሲወከፍ ክፍሊ ድማ ኣብ ግዜኻ ተረከብ።
- ናብ ትምህርቲ ጽቡቕ ኣዕሪፍካን ክትመሃር ድሉው ኮይንካን ምጻእ።
- ቁርሲ ብላዕ፣ ናብ ቤት ትምህርቲ ድማ ጥዑይ ጠዓሞትን ምሳሕን ኣምጽእ።
- ንቤት ትምህርቲ ዝኸውን፣ ምስቲ ኩነታት ኣየር ዝኸይድ፣ ከምኡ እውን ምስቲ ወቕቲ ዝኸይድ ክዳን ብግቡእ ተኸደን።



SASKATCHEWAN SWIS COORDINATION
SSC

Funded by: Immigration, Refugees and Citizenship Canada
Financé par: Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

www.swissask.ca